# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኽተ

# ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ

# ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

# II



ሰለሙን በርሀ

ቅድሚ 30 ዓመታት፡ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝነበረ መዓልታት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ነቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጸ ዘይግሃስ ሰብኣዊን ሃገራዊን መሰሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፡ ረፈረንዱም ብምክያድ፡ ብድምጹ ሕጋውነቱ ደጊሙ ዝኾልዓሉ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከም ህዝቢን ሃገርን ብዕሊ ዘረጋገጸሉ፡ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት እዩ ነይሩ። ናጽነት ኤርትራ ብዘይ ረፈረንዱም እውን ሕጋዊ'ዩ። ረፈረንዱም ከኣ፡ ነቲ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብብረታዊ ቃልሲ ዘምጽኦ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብድምጹ ኣጽዲቑ፡ ሕጋውነት ናጽነቱ ደጊሙ ዝኾልዓሉን ዝደርዓሉን ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ናብዚ ታሪኻዊ ዕለት ንምብጻሕ ዝሓለፎ ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝኽኻር ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን

ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ከምዝቘመት፡ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያን ምምሕዳር ብሪጣንያን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ኣብ ምፍጣርን ምዕኳኹን ዝተጻወቶ ግደ፡ ኣብ እዋን ምዝርዛር መግዛእቲ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ከም ኩለን ግዙኣት ሃገራት ናጽነት ይግብኣ እኳ እንተነበረ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ልዕለ ሓያል ኣመሪካ ተባሂሉ፡ ብኣንጻር ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከምእተቘርነት ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ ጎበጣን ምጅማር ብረታዊ ቃልሲን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብብይን 390 A(V) ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቍረን ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብተን ዝቐጸላ 10 ዓመታት ፌደራላዊ ሕብረት (1952- 1962)፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፌደረሽን ምርጫኡ እኳ እንተዘይነበረ፡ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሉ፡ ንሕግታት ፌደረሽን ኣኽቢሩ ምስ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ብቅኑዕ መገዲ ክዋሳእ ፈተነ። ብኣንጻሩ ኤርትራ ግዝኣቱ ምዃና ክጸድቀሉ ዝጠልብ ዝነበረ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ውሳነ ፌደረሽን ስለዘየዕገቦ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ፌደረሽን ትርጉም ኣልቦ ክገብሮ እዩ መዲቡ። በዚ ድማ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ሰራዊቱ ኣብ ኤርትራ ከስፍር፡ ንህዝቢ ናይ ምእካብን ምጽሓፍን መሰላት ክኸልክል፡ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ክሽርምም፡ ትካላት ፍትሒ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእቱ፡ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ክዘምት፡ ቁጠባዊ ትካላት ኤርትራ ከዕኑ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ንቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ተኪኡ ወግዓዊ ቋንቋ ናይ ኤርትራ ከምዝኸውን ብምግባር፡ ባንዴራ ኤርትራ ደርብዩ ብባንዴራ ኢትዮጵያ ተክኦ። ሃጸይ ሃይለስላሰ እዚ ኩሉ ክገብር እንከሎ ምትብባዕ ኣመሪካ ኣይተፈልዮን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ክሳብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥራዕ፡ ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ንግህሰት ፌደረሽን እንተ ተቓውሞ እኳ፡ ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸበን። ኣብ ከተማታት ኤርትራ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊታት ድማ ብሓይሊ ብረት ተደቝሰ። እዚ ቅሉዕ ግህሰትን ስቕታ ማሕበረሰብ ዓለምን ከኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካልእ ኣማራጺታት ክጥምት ደረኾ። ኣብ መወዳእታ 50ታት ንጎበጣ ኢትዮጵያ ዝቃወም ንሓርነት ኤርትራ ክቃለስ ዘንቀደ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ወይ ማሕበር ሸውዓተ ዝተሰምየ ምስጢራዊ ውድብ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብዝርከቡ ኤርትራውያን ተመስረተ።

ማዕረ ማዕረ'ዚ ድማ ኣብ ወጻኢ፡ ብፍላይ ኣብ ግብጺን ሱዳንን ዝነበሩ ኤርትራውያን ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ካልእ 'ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ' ዝተባህለ ውድብ ንምምስራት ክተኣኻኸቡ ጀመሩ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961

ከኣ፡ ብወተሃደራዊ መሪሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ከምኡ’ውን ብድርኺት ንተ.ሓ.ኤ. ዘቑሙ ካብ ኤርትራ ዝሃደሙ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተወልዐ። ድሕሪ 20 ዓመታት፡ ፖለቲካዊን ሰላማዊን ቃልሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብረት ምልዓሉ፡ ሕድገት ዘየፍቅድ ቁርጺ ውሳነኡ ንምሉእ ናጽነት ዘነጸረ ተበግሶ’ዩ ነይሩ። ይኹን’ምበር፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ፡ በቲ ዝሓሸ ተሞኩሮን ኣወዳድባን ዝነበሮ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ዝጅምር፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምጅማሩ ናይ ታሪኽ ሓደጋ እዩ ነይሩ። እቶም ንተ.ሓ.ኤ. ዝመስረቱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ኣብ 40ታት ብዝነበረ ጸቢብ፡ ገማማዒ፡ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ምሕር ዝተጸልዉ ነበሩ። ብኣንጻር ሓራካ፡ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢ ዝተመስረተ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሱር ዘይነበሮ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብዝነበሩ ዓቃባውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ዝተጸልወ ምንባሩ፡ ምስ ክውንነት ኤርትራ ዝሳነ ኣመራርሓ ከየማዕብል ካብ ዝዓንቀጾ ድኽመታት እዩ ነይሩ። ምስቲ ኣብ 50ታት ኣብ ከተማታት ኤርትራ ተፈጢሩ ዝነበረ ፖለቲካዊ ንቕሓት ብምንጽጻር ከኣ፡ ኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ድሑር ነበረ። ሓራካ ዋላ እኳ ንብዙሕ ምኽንያታት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ምጅማር እንተተደናጎየ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብተ.ሓ.ኤ. ከም ኣዎንታዊ ምዕባለ ተቐቢሉ ምስ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኪዳን ንምምስራት እኳ እንተፈተነ፡ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ፍልልያት ሃሰው ኢሎም ብምግፋሕ ኣይተቐበልዎን። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓራካ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንምስታፍ ሜዳ ምስ ኣተወ ብሓይሊ ብረት ጨፍለቕዎ። ኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ.፡ ንሃገራዊ ምትእኽኻብን ምሕያል ሓርነታዊ ቃልስን ዝሕግዝ ኣይነበረን።

እዚ ይኹን’ምበር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ባህጊ ንናጽነትን ናይ ቃልሲ መንፈስን፡ ምዕቡል መሪሕነት ብምስኣኑ ኣይተዓግተን። ዋሕዚ ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ናብ ሜዳ ብረታዊ ቃልሲ እናበዝሐ፡ ብኡ መጠን፡ ተ.ሓ.ኤ. ምስ ኩሉ ድሕረቱን ድኻማቱን ከም ውድብ እናዓበየ ከደ። ቁጽሪ ተጋደልቲ እናበዝሐ ብዝኸደ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ክንዲ ሓደ ጥሙርን ሓያልን ሃገራዊ ሰራዊት ዝፈጥር፡ ነቲ ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ብቐቢላዊን ኣውራጃውን ረጃሒታት ከፋፊሉ ብሓሙሽተ ክፍልታት ከምዝቐውም ገበረ። እዚ ምክፍፋል’ዚ፡ ነቲ ዝጸንሐ ትሕተ-ሃገራዊ ኣተሓሳስባታት ዝያዳ ከምዝዓምቑ ኣብ ርእሲ ምግባሩ፡ ነቲ ሓርነታዊ ኵናት ኣብ ጥርናፈ ዘይብሉ ንኣሽቱን ዝተነጻጸለን ስርሒታት ተሓጺሩ ከምዝተርፍ ገበሮ። ካብ 1961 ክሳብ 1968 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ከኣ፡ ላዕለዋይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንጹር ሃገራዊ ፕሮግራም ከይሓዘ፡

ፍሉጥ ፖለቲካዊን ምምሕዳራዊን ቅርጺ ከየቒመ፡ ፋይናንስያዊን ንዋታዊን ዓቕሚ ዝቈጻጸር ኣገባባት ከየተኣታተወ፡ ንጸጋታት ናይቲ ውድብ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸቢብ ፖለቲካዊ ጸወታታት የውዕሎ ነበረ። እዚ ኩነታት'ዚ፡ ነቲ ቃልሲ ኣብ ርእሲ ምድኻሙ፡ ስርዓት ሃይለስላሰ ንድኻም ናይቲ ሰውራ መዝሚዙ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ ዓመተ 1967፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘይተኣደነ ግፍዒታትን ጃምላዊ ህልቂትን ክፍጽም ኣኽኣሎ። ብሰንኪ'ዚ ግፍዒታት'ዚ ድማ ካብ ምዕራባዊ መታሕት ኤርትራ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ ንሱዳን ተሰደ። ድኻም ናይቲ ሰውራ ዘይተዋሕጠሎም መንእሰያት ተጋደልቲ ንኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ክብድህዎ ጀመሩ። ንጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ምምቕቓል ነጺጎም ድማ፡ ስምረት ናይ ኩለን ክፍልታት ናይቲ ውድብ ጠለቡ።

በዚ ድርኺት'ዚ፡ ኣብ 1968 ነቲ ዝነበረ ድኽመታት ንምፍዋስ ዝዕላማኡ ጉባኤ፡ ኣብ ኣዶብሓ ተኻየደ። ጉባኤ-ኣዶብሓ፡ ኣብ ሓሙሽተ ክፍልታት ተመቓቒሉ ዝነበረ ሰራዊት ክሰምር፡ ዝጸንሐ ድኽመታት ንምእራም ጭብጢታት እትእክብ መርማሪት ሽማግለ ክትቀውም፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግዜ ጉባኤ ኪግበር፡ ካብቶም ዝጸንሑ መራሕቲን ሓደስቲን ዝተዋጽአ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ክቖውም ዝብልን ካልእ ኣገዳሲ ውሳነታትን ኣሕለፈ። እዚ ንተ.ሓ.ኤ. ናብ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ውድብ ንምቕያር ዝዓለመ ፖለቲካዊ ምዕባለ ግን፡ ብላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ከም ፈተነ-ዕልዋ ተጠመተ። በዚ ድማ፡ እቶም ጉባኤ ኣዶብሓ ኣብ ዝቘሞ ጠቕላሊ መሪሕነት እውን እንተኾነ ዓብላሊ ቦታ ሒዞም ዝነበሩ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ሰዓብቶምን፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ክኣስሩን ክቕንጽሉን ጀመሩ። እዚ ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንምእራም ዝተንቀሳቐሱ ባእታታት ዝቐንዐ ሃድንን ቅንጸላን፡ ናይ ብዙሓት ተጋደልቲ ህድማ ኣኸተለ። ገለ ተጋደልቲ ካብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክሃድሙ ከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ካብቲ ውድብ ተነጺሎም ኣብ በረኻታት ኤርትራ ክሕብኡ ጀመሩ። እዚ ላዕለዋይ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ. ዝወሰዶ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ድማ እዩ፡ ኣብ 1970 ካልኣይ ውድብ ናይ ምምስራት ውጽኢት ኣኸቲሉ፤ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝወለደ።

ምዕባለታት ሰውራ ድሕሪ ምውላድ ህ.ሓ. ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ቅንጸላን ሃድንን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣምሊጦም ካብ ሜዳ ኤርትራ ብዝወጹ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዝተሓብኡ ሰለስተ ጕጅለታት ተጋደልቲ፡ ማለት ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ዑበልን እዩ

ቄይሙ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ነዞም ሓድሽ ውድብ ንምምስራት ዝተንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ንምህዳን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ሰፊሕ ዳህሳስ ክገብር ምስ ጀመረ ድማ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ኩናት ሓድሕድ ተወልዐ። ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ፡ “ተ.ሓ.ኤ. ግዜ በሊዑ ብውሽጣዊ ድኽመቱ ክበታተን ዝኽእል ጉጅለ'ዩ” ዝብል እምነት ስለዝነበራ፡ ቀንዲ ኣተኩሮኣ ናብ ምጭፍላቕ እዚ ሓድሽ ውድብ ቀንዐ። በዚ ድማ፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብሰራዊት ኢትዮጵያን ተ.ሓ.ኤ.ን እናተሃድኑ፡ ብውሽጢ'ውን እንተኾነ ንሓድነቱ ዝፈታተን ብድሆታት ብምስጋር፡ ህላወኡ ከረጋግጽ ብኣዝዩ መሪርን ጽንኩርን ግዜ ክሓልፍ ተገደደ። እዚ ፈተነ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ተሪር ሓድነትን ዘይጸዓድ ናይ ቃልሲ ወኒን ክፈጥር ክኣለ።

እዞም ንኹሉ ተጻብኦታትን ከበባታትን ፈንጢሶም ብምውጻእ ካብ ምጽናት ዝሰረሩ ውሑዳትን ተባዓትን ሃገራውያን፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዝሓየለ ሃገራዊ ውድብ ፈጢሮም፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብዙሕ ዓወታት ክጓናጸፉ ጀመሩ። ከም ውጽኢት ናይቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከውርዶ ዝጀመረ ገዚፍ ክሳራ ድማ፡ ኣብ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ንስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሰ ዝቃወም ናዕቢ ተላዕለ። እቲ ናይ ሰራዊት ናዕቢ፡ ሓያል ተቓውሞን ኣድማን ሲቪል ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ተደሪብዎ፡ ኣብ 1974 ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰ ኣኸተለ። ብዓወታት ሰውራን ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰን ፍናኑ ዝበረኸ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ 1975 ንኩናት ሓድሕድ ኣትሪሩ ብምቅዋም፡ ስምረት ናይ ሃገራውያን ሓይልታት ጠለበ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ንህዝባዊ ሓይልታት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክድምስስ ፈቲኑ ምዃን ምስ ኣበዮ፡ ምስቲ ስምረት ዝጸውዕ ዝነበረ ህዝባዊ ማዕበል ንምኻድ፡ ናብ ዘተን ርክባትን ክኣቱ ተደረኸ። የግዳስ ሽዑ'ውን እንተኾነ ኣብ ዕቱብ ልዝብ ኣይኣተወን። ብውሽጡ ድጉል ናይ ቅንጸላ ምርጫ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብሃይማኖታዊን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ጎስጓሳትን ምክፍፋል ንምፍጣር እናጸዓረ፡ ምቹእ ዕድል መሲሉ ኣብ ዝተራእዮ ውግእ እናወልዐ ቀጸለ። ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ዘተ ድማ፡ ነቲ ብህዝባዊ ሓይልታት ዝቐርብ ዝነበረ ናይ ስሙር ግንባር ሓሳብ እናተቓወመ፡ ቅልጡፍ ስምረት ብምጥላብ ንህ.ሓ. ኣብ ውሽጡ ውሒጡ ከሕቅቕ ጻዕርታቱ የካይድ ነበረ።

ኩሉ'ዚ መገዲታት'ዚ ግን ኣይሰለጠን። ምስ ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰን ምሕያል ሰውራ ኤርትራን ካብ 1975 ጀሚሮም ብዙሓት መንእሰያት ንሜዳ

ናብ ክልቲኦን ውድባት ክውሕዙ ጀመሩ። ጸኒሖ ግን እቲ ዋሕዚ ብቐንዱ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዛዘወ። በዚ ድማ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ 1975 ካብ ደረጃ ሓይልታት ሰጊሩ ብደረጃ ቦጦሎንታት ተወደበ። ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳቱ ብምጥንኻር ድማ፡ መጥቃዕቲታቱ ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣጠናኸሮ። ተ.ሓ.ኤ. እውን ኣብዚ መድረኽ'ዚ ንህዝባዊ ሓይልታት ናይ ምቕንጻል ድሌቱ ብመጠኑ ማህሚኑ፡ ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ ንኣሽቱ ስርሒታት ክካይድ ጀመረ። በዚ ድማ፡ ዳርጋ ኩሉ ገጠራት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራ (ክልቲኦን ውድባት) ኣትዩ፡ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማታት ጥራይ ተሓጽረ። ኣብ ጥሪ 1977 ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ቀዳማይ ጉባኤኡ ብምክያድ፡ ስሙ ናብ "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ" ለወጦ። "ሰብን መሬትን በብቕሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝብል ታሪኻዊ ውሳነ ብምውሳድ ከኣ፡ ኣወዳድባ ሰራዊቱ ናብ ደረጃ ብርጌዳት ኣስጋገሮ። "ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ!" ዝብል ጭርሖ እናቃልሐ ድማ፡ ንሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብሓያል መጥቃዕቲታት ክስሃሎ ጀመረ። ጎኒ ጎኒ'ዚ፡ "ሓፋሽ ይንቃሕ! ይወደብ! ይተዓጠቕ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሓ፡ ኣብ ሓራ ዘውጽኦ ቦታታት፡ ህዝቢ ናይ ምንቃሕን ናይ ምውዳብን፡ ዝተፈላለዩ ህዝባውያን ማሕበራትን ባይቶታትን ናይ ምቛም ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስርሓት ኣካየደ።

ልዑል ህዝባዊ ደገፍ ድማ ተጓናጸፈ። በዚ ምዕባለታት'ዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ብሰላም ክፈትሖ፡ 'ርእሰ ምምሕዳር ኤርትራ' (ራስ ገዝ) ከምዝቕበል መጸዋዕታ እናቕረበ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ ከተማታት፡ ምስ ሰውራ ትደጋገፉ ኢኹም ብዝብል ኣንጻር ሰላማውያን ሰባት ሰፊሕ ናይ ቅንጸላን ቅትለትን ማእሰርቲን ስጉምቲታት እናወሰደ፡ ንዓድታት ኤርትራ ብነፈርቲ ናይ ምድብዳብን ምቕጻልን ቀቢጸ ተስፋዊ ስጉሚታት ክወስድ ተራእየ። ኣብ ጥሪ 1977 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ንከተማ ቃሮራ ተቘጻጸራ። ኣብ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ድማ፡ ድሕሪ ናይ 6 ወርሒ ከበባ ንርእሰ ከተማ ኣውራጃ ሳሕል ናቕፋ ሓራ ኣውጽኣ። ኣስዒቡ ንከተማታት ኣፍዓበት፡ ከረን፡ ሰገነይቲ፡ ደቀምሓረ፡ ጊንዳዕ፡ ደንጎሎን ፍርቂ ወደብ ምጽዋዕን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተወን። ተ.ሓ.ኤ. ብወገኑ፡ ንከተማታት ተሰነይ፡ ኣቑርደትን መንደፈራን ተቘጻጸረ። ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ዓዲቐይሕ፡ ባረንቱን ዓሰብን ተኸቢቡ ተረፈ። ዓወታት ሰውራን ግፍዒታት ስርዓት ደርግን ተደማሚሩ ድማ፡ መንእሰያት ኤርትራ ብብዝሒ ንሜዳ እናወሓዙ ነቲ ቃልሲ ኣደልደልዎ። ናጽነት ኤርትራ ዝተቓረበ መሰለ። እዚ

ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ንሃገራዊ ስምረትን ሓድነትን ዝጠልብ ጸቕጢ እናሓየለ ስለዝመጸ፡ ኣብ ኣጋ መወዳእታ 1977 ክልቲኦን ውድባት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ቃልሲ ተወሃሂደን ክሰርሓ ምርድዳእ ዝበጽሓሉ፡ ስምምዕ 20 ጥቅምቲ ተኸተመ።